ናብ ዝኸበርኩም ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ

ዋኒኑ ፥ ብዛዕባ ዕርቂ ማሕበር ልምዓት ሽረ ዝተገበረ ውሳነ ይምልከት።

ከም ዝፍለጥ ማሕበር ልምዓት ሽረ ካብ ዝምስረት ንላዕሊ 14 ዓምታት ኣቑፂሩ እያ። ኣብዚ ዝሐለፈ ነዊሕ ናይ ዓወት ዓመታት ብተወፋይነት ኣባላቱን ደገፍቱን ብዝገብርዎ ዘይሕለል ሰፊሕ ምርብራብ ብምግባር ዘመኑ ዝሓለወ ቤተ መፅሓፍትን መዘከርን ኣብ ሽረ እንዳሰላሰ ብምስራሕ ንህዝብን መንግስትን ዝጠቅም ኣስተዋፅኦ ተገይሩ እዩ። ነቲ ቤተ ምፅሓፍትን መዘክርን ዝተረፎ ነገር ንምምላእ ድማ ኣብዚ እውን ዚ ሰፊሕ ርብርብ የግበር ኣሎ። ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ልምዓታዊ ስራሕትና ብዝተፈላለዩ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ኣብቲ ውሽጢ ማሕበር ሰለ ዘጋጠመ ንልዕሊ 5 ዓመታት ዝኣክል እቲ ማሕበር ኣብ ክልተ ተመቒሉ ፀኒሑ እዩ።

በዚ መሰርት ድማ ናይ ማሕበርና ዕላማን ሓድነትን ብጣዕሚ ጎዳኢ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። እቲ ተፈጢሩ ዝፀነሐ ፀገም ንምፍታሕ ዓለም ለኸ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ሽረን ዓበይቲ ዓድን ተወልድትን ኣባላት ዳያስፖራን ብዝተረኸብሉን ኣብ ሽረ እንዳሰላሰ ብዕምቆት ነቲ ፀገም ብምርኣዩ በየናይ መልክዕ ንኽልቲኡ ማሕበራት ምዕራቕ ከምዝከኣል ተመያይጦም በዚ መሰርት ድማ ኣታዓረቕቲ ኮሚቴ ብምውቓር ዕርቂ ንኽግበር ዓበይ መሰረት ተቐሚጡ።

ሰለዚ ብኣቶ ኣብርሃለይ ሃይለ ኣተሓባባሪነት ዝምራሕ ካብ ክልቲኡ ማሕበራት ወይ ጉጅለ ዝዓርቁ ተውከልቲ ብምምራፅ ንልዕሊ 6 ወርሒ ዝኣክል ዕሙቕን ሰፊሕን ግን ድማ ፍትሓውነት ዘለዎ ተደጋጋሚ ናይ ቴሌ ኮንፈረንስ ብምግባር 14 ሰባት ናብ መርፃ ክቐርቡ ብምግባር ሓደሽቲ 7 ኣባላት ቦርድ ዝሓዘ ብግዚያዊነት ክሳብ ኣብ ሚኒሶታ 2017 ዓ/ም ፈ. ዝኽበር በዓልና ኩሉም ኣባላትናን ደገፍትናን ኣብ ዘለዎ ከም መስጋገሪ ኮይኖም ክመርሑ ዝክእሉ መሪፅና ኣለና። በዚ መሰርት ካብ ክልቲኡ ጉጅለ ተመሪፆም ዘለው ግዝያዊ ኣመራርሓ ፤ ንኽልቲኡ ማሕበራት ኣውሃሂዶም ብምምራሕ ክሳብ ናይ ሚኒሶታ 2017 ዓመታዊ በዓል ተኽይዱ ሕጋዊ ዝኾነ ሓደ ማሕበር ልምዓት ሽረ ክሳብ ዝምስረት ብግዚያዊነት ዝሰርሑ እዮም።

ካብዚ ቀፂሉ ንሕና ኣታዓረቕቲ ኮሚቴ ሽም ዝርዝርና ከም ዝስዕብ ይኸውን

1. ኣብረሃለይ ሃይለ
2. ኢ/ር ተሻለ ተስፋይ
3. መ/ር ሰለሞን ገብረሊባኖስ
4. ኣቶ ተዘራ ኣብርሃ
5. ሰለሞን ስዩም
6. ዶ/ር ጥላሁን ሃይለ
7. ዶ/ር መንገሻ መስፍን
8. ሻለቃ ይርጋ ተስፋይ

እዞም ኣብ ላዓሊ ዝተጠቕሱ ካብ ክልቲኡ ማሕበራት ዝተወከሉ መታዓረቕቲ ሽማግለታትን ኮሚቴን ብሓባር ዕሙቕ ዝበለ ተደጋጋሚ ናይ ቴሌ ኮንፈረንስ ምይይጥ ብምግባርን ሕገ ድንቢ ብምርቃቕን ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን ዝኾነ መረፃ ብምግባር እዞም ዝስዕቡ ግዝያዊ ኣባላት ቦርድ መሪፅና ኣለና።

ሽም ዝርዝሮምን ሓላፍነቶምን ከምዝስዕብ ይኸውን።

1. ኣቶ ፍስሃ ጣሰው ....... ..........ኣቦ ወንበር

2. ኣቶ ብርሃን ንጋሽ ...............ምክትል ኣቦ ወንበር

3. ኣቶ ሓድጉ ኣር ኣያ ............. ...ፀሓፊ

4. ወ/ሮ ፀጋ ድስታ ...............ኦዲተር

5. ኣቶ ዮሴፍ ማሩ ..................ርክብ ህዝቢ

6. ኣቶ ኣዳነ ኪዳነ ...................ርክብ ህዝቢ

7. ኣቶ ዓንዶም ማሩ ...............ገንዘብ ተሓዚ

ኣብ መወዳእታ ነዚ ኣብ 2 ተኸፊሉ ዝፀነሐ ማሕበር ግዚኦምን ሓሳቦምን ደኺምና ከይበሉ ማሕበርና ናብ ሓደ ክመፅእ ዝገበሩ ሽምጋሊት ኮሚቴን ብኽልቲኡ ማሕበር ዝነበሩ ኣባላት ቦርድን ተራ ኣባላትን ንዝገበሩልና ምትሕብብር እናመስገና ኩሉኹም ቦርድ ኣባላት ዓለም ለኸ ማሕበር ልምዓት ሽረን ኣባላትናን ደግፍትናን ንዝውክሉም ሓፈሻዊ ርክብ ማሕበርና ምስቶም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው ግዚያዊ ኣባላት ቦርድ ንኽራኸቡ ማሕበርና ዘላቕነት ንኽህልውን ሓድነትና ክጥንክር ህዝብና ብዘለና ዓቕሚ ክንሕግዝን ብኹሉ ዓቕምና ክንረባረብ ሓደራ ንብል ።

የቕንየልና

ምስ ሰላምታ

መተሓባበሪ ሽምጋሊት ኮሚቴ ማሕበር ልምዓት ሽረ ስ/ ኣሜሪካ

ቅዳሕ

ንማሕበር ልምዓት ሽር ሰ/ኣሜሪካ

ንዓልም ለኸ ማ/ል/ሽርን